ጭጉራፍሲ ባዕላ ሃሪማ ባዕላ ተጸዊ
መንዩ ንለውጢ ዝቃለስ ኤርትራዊ
መንዩ ኸ ክንዲ ውጹዕ ህዝቢ ዘጽዊ' '

ሐምራ ፍርቂ ጎና ሰቢሐ
ካብ ተቃወምቲ ድያስቨራ
ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ
ካብ ህግደፍ ክኸውን ሐራ
ሰራሕ አንበር ኣይደልንዩ ጀህራ' '

ተልእኾ መራሒ ህግደፍ ሕጂ ዘይኮነ
ብ66 ንኤርትራ ንምድኻም ዝተወጠነ
ኣንፈቱ ስሒቱ ንመስል ርእሰ ውሳነ' '

ኢድ ለሚሳ መልሐስ ነዊሐ
ሐምራ ፍርቂ ጎና ሰቢሐ
ንተበግሶ ደቀባት ፈንጢሐ' '

ኣብ ጎቦታት ሳሕል ዝገበለ
ንህዝቢ ኤርትራ አትው ምስ በለ
ኣንጊሁ ብቅዋም ኣይትምጽኡኒ ዝበለ
ኣረሜናዊ ህግደፋዊ ጉጅለ' '

ሐምራ ፍርቂ ጎና ሰቢሐ
ንኢሰያስ በየናይ ዓንቀጽ ዩ ዝሐቶ
ቅዋም የብሉ ብህዝቢ ዝተመርጸ ባይቶ
ን31 ዓመት ክም አንሰሳ ግዚ ዝበሐቶ' '

ክይዛረብ ብኣፉ ተለጕሙ
ብህግደፍ መሰሉ ተገፊፉ ተሐሪሙ
ብሰንባደ ገምጢሉ ዝፍርም ንሸሙ'
ክንዲ ሰኒት ኣንነት ገኒኑ
ልሳናን ግብርናን በበይኑ
ካባና ትጽቢቱ ማህሚኑ' '

ኣብ ውድባት ሰልፍታት
ን31 ዓመታት
ንሐደ ዕላማ ፍልልያት' '

ሐምራ ፍርቂ ጎና ሰቢሐ
ኣግለልቲ ኣሰርሑ ኣየሰርሑ

*ኢዱ ለሚሳ መልሐስና ንዊሑ
ግብሪ ኣልቦ ኣሸማትና በዚሑ’ ’*

*ህዝቢ ኤርትራ ንኢሰያስ ክሐቶ
ሕብርና ኣይንከዋውጥ ከም ነፋሒቶ
ልሳን ህዝቢ ኮና ንሕና ንጀምሮ ሕቶ
ብደገ ተጠርኒፍና ንህግደፍ ክንምክቶ’ ’*

*ህዝቢ ኤርትራ ክንዲ ተኹሲ ክረክብ ሩፍታ
ንሐድነት ኤርትራውያን ዝዘርግ ኣይንሃቦ ቦታ
ንኤርትራዊት ኣደ ናብ ሐጎስ ክልወጥ ብኽያታ
ኣብ ገጠርን ከተማን ኤርትራ ክነጉድ ዕልልታ’ ’*

*ሐምራ ፍርቂ ጎና ሰቢሐ*
*ካብ ኣብ ጥራይ ጎልጎል ፈንጣሕጣሕ
ኣብ 2023 ህግደፍ ክብሎ ፋሕ ፋሕ
ሃገርና ኤርትራ ብደቀባታ ክትምራሕ
ንድሕነት ህዝብናን ሃገርናን ንስራሕ’ ’*

*ጻማ ሰማእታትና ክኸውን ጋህዲ
ከም ጻጸ ብሐደ ንኺዶ እቲ መንገዲ
ጀንዳ ህግደፍ ምስ ኣትዉ ኣብ ቀይዲ
ብሕጊ ንህዝቢ ኤርትራ ንግደፎ ፍርዲ
ሰላምን ቅሳነትን ራህዋን ክሰፍኖ ዓዲ’ ’*

*ቃልስና ክኸውን ወሳኒ
ኣስላም ክስታን ጎኒ ጎኒ
ደቀባት ኤርትራ ንሳኒ’ ’*

*ያኣክል ግብሪ ኣልቦ መልሐስ
ዝብኢ ክሳብ ዝደልዎ ይሕንክስ
ሐረይታይ ዝዘርኦ እዩ ዝሐፍስ
ተሳኒና ንጭፍራ ህግደፍ ነልግስ’ ’*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና’ ’ስዕረት ንጀንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን’ ’ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሽዊት ለምለም’ ’ብሩኽ ልደት ምስ ሐዲሽ ዓመት’ ’ ብኣባል ተሔኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን 20 ጥሪ 2023።*